ሰላም ንዘበለካ ሰላም በሎ

ኣብ ዝኾነ ግዜ ኣቐይሙካ ዝነበረ እሞ ድሕሪ ግዜ ሰላም ኣንተበለካ ሰላም በሎ። ኣብ ገጹ ጡፍ ኣይተበለሉ። ድሕሪ ሰላም ምብህሃልካ ግን ይቕረ ምብህሃል እንተመጸ'ውን መርሓባ በል። ይኹን እምበር፤ ሰላም ምብህሃልን፤ ይቕረ ምብህሃልን ነቲ ጉዳይ መቀያየም ዝኾነ ጉዳይ የረስዖን የደቓቕሶን ማለት ኣይኮነን። እንታይ ድኣ ንዘተ መንገዲ ይኸፍት ንማለት ኢዩ። እቲ ዘተ ኣብ ጽቡቕ ሃዋሁም ክቕጽል፤ መደምደምታ'ውን ተጌርሉ ዝበደለ ክኽሕስ ዝተበደለ ከኣ ተኻሒሱ ክዓግብ ይግባእ።

መንቀሊ ጽሑፈይ ኣብዚ ሰሙን'ዚ መንግስቲ ኢትዮጵያ ምስ መንግስትን ሕዝብን ኤርትራ ንሓዋሩ ስለምን ዕርቅን ንምምጻእ ሓንጽጸዮ ኣሎኹ ዝበሎ መርገጽን ነዚ ከኣ ኣብ ባይቶኡ ተዛትዩ ዘጽደቖን ምኺኑን ተገሊጹ ኣሎ። ግርም። ጽቡቕ መንቐሊ'ዩ። ሓንጎፋይ ኢልና ከኣ ንቕበሎ። መቸም ንሕና ኤርትራዊያን ደልዩቲ ጽቡቕን ኣፍቀርቲ ሰላምን እንዲና ነዚ ሕጂ ብኢትዮጵያ ዝቐርብ ዘሎ ተበግሶ መጨረሻኡ ሰላምን ስንትን ድኣ የምጽእ እምበር ንሰላምን ዕርቅን ምስ ጎሮቤትናን ሓውናን ዝኾነ ሕዝቢ ኢትዮጵያ ወትሩ ምንዮትናን ዝጸዓርናሉን ኢና ኸኣ። ትግራዎት ብዶብ ኣሳብቦም ውግእ ምስከፈቱልና ድሕሪ ግዜ እዚ ናይ ሕጂ ጎነጽ ሓላፊ'ዩ ብማለት ኣብ መሬት ትግራይ መጥቃዕትታት ይኾን ምእንቲ ናይ ባህ ኣይበሎ ዝተወሰደ ዋላ ሓንቲ ስጉምቲ ከይሃልወ ብኣንጻሩ መጥቃዕትታት ይኹን ናይ ባህ ኣይበሎ ዝተወሰደናን ዕንወታት ኣብ ገዛእ ሃገርና ተጻውርናን ነዚ ሕጂ ትስፉው ዝመስል ዘሎ ሃውሁው ኣብቅዕና ኣሎና። ነዚ ከኣ ታሪኽ ብወርቂ ቀለም ክጽሕፎ ኢዩ።

እቲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣውጽኤዮ ኣሎኹ ዝብሎ ዘሎ መርገጺ ነቲ ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ብመትከል ምቕባሉን፤ መሰርሕ ንምቅልጣፍ ናይ ርክብ ምኮንናት ክምዘዙ ምኺኖምን፤ ንኮምሽን ዶብ ዝግብኦ ክፍልት ክፍጸም ምኺኑን፤ ሽግራት ብሰላማዊን ብዘተን ክፍትሑ ከምዘለዎም ብተወሳኺ እንካን ሃባን ከምዘድልይ ዝኣመመ ኢዩ።

ኢትዮጵያ ንውሳኔ ኮምሽን ዶብ ብዘይ ቅድመ ኩነት ኽትቕበሎ ከምዘለዋ ኢዩ እቲ መረዳእታ ዘሎ። እዚ ኣብ ላዕሊ ተዘርዝሩ ዘሎ ናይ ኢትዮጵያ እማመ እንተድኣ ከም ቅድመ ኩነት ክውሰድ ኮይኑ ግን ብርግጽ ንመንግስቲ ኤርትራ ተዋስኣይ ናይዚ እማመ'ዚ ክኸውን ከጸግሞ ኢዩ። ምኽንያቱ ኤርትራ ሓንቲ ነጻነታን ልዑላዊነታን ዘረጋገጸት ሃገር ስለዝኾነት ብወለንታ ኢትዮጵያ ጥራሕ ክትምራሕ ኣይትኽእልን ኢያ። ነዚ ናይ ኢትዮጵያ እማመ ንምትንታን ኣብ ክልተ መዳያት ከፍልና ክንርእዮ ንኽእል። እቲ ሓደ መዳይ፡ መሰርሕ ሰላም ንምቅልጣፍን ዶብ ተሓንጺጹ ክልቲኤን ሃገራት ኣብ ጥዕና ዘለዎ ርክብ ንምምላስ ክሕግዝ ይኽእል ኢዩ ኣብ ዝብል እምንቶ ዝተመርሎሰ ይኸውን። በቲ ኻላእ መዳይ ከርኤ ከሎ ግን ኢትዮጵያ ንኤርትራ ከም መላኽትን ኣብ ቀርኒ ኣፍርቃ ጸብለልትነት ዘልዋ ሃገር ኣምስልካ ንምቕራብ ዝህቅን ምኽኑይ ኣቀራርባ ክኸውን ይኽእል። ነቲ ቀዳማይ መዳይ ሚዛን ሂብና ነዚ ካልኣይ መዳይ ዝበልናዮ ግን ንፈልጦን ዝለመድናዮን ስለዝኾነ ክሳብ ክንድዚ ዋጋ ከይሃብና ወዲ ድሙ ናብራ ከም ቀደሙ ኢልና ንመጻኢ ምዕባለታት ምቁሚት ይምረጽ። እምብኣር ኣብቲ ቀዳማይ መደይ ብምግዳስ ትንታኔና ንቕጽል።

ኮምሽን ዶብ በዚ ሕጂ ኢትዮጵያ ኣውጺኣቶ ዘላ እማመ መሰረት ኣውንዚፍዎ ዝነበረ ስርሑ ንምቕጻል ጥጡሕ ባይታ ተኸፍትሉ ከም ዘሎ ኢዩ እቲ መረዳእታ። ሓደ ነገር ብዘየውላውል ተረጋጊጹ ዘሎ ነገር ከኣ ኮምሽን ዶብ ዘይሻራዊን ነጻን ምኺኑ ብተግባር ኣመስኪሩ ኣሎ። እዚ ነዚ ተታሒዙ ዘሎ ጉዳይ ዓቢ ዋሕስ ኢዩ። ቅድሚ ሕጂ ንኮምሽን ዶብ ቢኢትዮጵያ ዝተግብረ ተጽዕኖ ከምዘይሰርሔ ተረጋጊጹ ስለ ዘሎ ንብድሕርጂ'ውን ኮምሽን ዶብ ብናይ ዝኾነ ተጽዕኖ ክሰርሕ ከምዘይኮነ ፍሉጥ ኢዩ። ኮምሽን ዶብ ዘካይዶ

ስርሓት በቲ ቅድም ኢሉ ሓንጺጽዎ ዘሎ መደብ ኮይኑ ሒጂ ንውዑ ምብርባር ጥራሕ ኢዩ ዘድሊ። ኮምሽን ዶብ ስርሑ ነቲ ዘሕለፎ ውሳኔ ኣብ ባይታ ምትግባር ጥራሕ ኢዩ። እዚ ማለት ብኽእላታት ተሓጊዙ ዓንድታት ናይ ዶብ ዝፈላይ ኣብ ባይታ ምትካል ኢዩ። ኣብዚ ኽፍለጥ ዘለዎ ኮምሽን ዶብ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብጎኒ ዝካየዱ ዝርርባት ይኹኑ ውዕላት ኣይምልከትዎን ኢዮም። ክልቲኦም ወገናት እንተደልዮም ስቅ ኢሎም እቲ ዓንድታት ክትከል ይርኣዩ፤ እንተደልዮም ይታኾሱ ነቲ ኮምሽን ተገድሶ ምችእቲ ኮነታት ተጠቒሙ ነቲኤን ዓንድታት ተኺሉ እግረይ ኣዊጽእኒ ኢሉ ምምርቃፍ ጥራሕ ኢዩ። ነቲ ኩነታት ብሰላምዊ መንገዲ ድዩ ኽትገበር ወይስ ኣብ ሓደ ሓደ ከባብታት ህውከት ክልዓል ድዩ ዝውስኑ ረቛሒታት ክህልዉ ክንጽበ ናይ ግደን ኢዩ። ከመይሲ ኣብ ሓደ ሓደ ከባቢታት ብዘየናሕሲ ኩነታት ንህዝብታት ካብ መበቆሊኦም ዝብንቁስ ኩነታት ክፍጠር ስለዝኾነ ኢዩ። ከምዚ ኣብ ዘይሰፈራ ዝጸንሔት ፍሬጬ ስኒ ክትቡንቆር ከላ ኣዊያት ተኸትል እዚ ከኣ ከምኡ ማለት ኢዩ።

ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ህውከት ከስዕብ ዘኽእል ኩነታት ኣብ ከባቢ ባድመን ኢሮብን ከምዝኽውን ኣየማትእን። ኮይኑ ግን እቲ ግድነት ክኸውን ዘለዎ ክኸውን ኢዩ። ከመይሲ ምእንቲ'ዚ ኡኮ ኢዩ ብኽልቲኡ ወገናት ኣሸሓት ዝተኸፍሎ ደማዊ ኩናት ዝተኻየደ። ስለዚ እቲ ከጋጥም ዝኽእል ሓደጋ ምስቲ ዝሓለፈ ኩነታት ኣነጻጽርካ ኣብ ግምት ዝኣቱ ኣይክኸውንን ኢዩ። እምበኣረከስ እቲ ናይ ዶብ ምሕንጻጽን ምስኡ ተተሓሒዙ ዝኸይድ ነቲ ሰላም ምሉእ ምግባርን ዝተሓላለኸ ጉዳይ ከምዝኾነ ርዱእ ኢዩ። ኮይኑ ግን እዚ ብእተፈላለየ ምርጫ ክንርእዮ ንኽእል ኢና። በቲ ሓደ ሸነኽ ምሕንጻጽ ዶብ ጥራሕ ክፍጸም ይካኣል ኢዩ። ምኽንያቱ ዋላ ዶብ ተሓንጺጹ ከሎ ክልቲኤን ሃገራት ብዘይርክብ ክቕጽላ ይኽእላ ኢየን። እዚ ከኣ ከምዚ ናይ ሊባኖንን ኢስራኤልን ማለት ኢዩ። ወይ ከኣ ፤ ዶብ ዝፈሊ ሽኻል እንዳተተኽለ ኸሎ ጎኒ ንጎኒ ከኣ ዝምድና ምምስራት ይክኣል ኢዩ። ከምዚ ናይ ግብጽን ኢስራኤልን ማለት ኢዩ። ስለዚ ንመጻኢ ምዕባሌታት ካብ ሕጂ ኮምሻን ዶብ እንታይ ስጉምታት ክወስድ ኢዩ ንምፍላጥ ቁሩብ ትዕግስቲ ክሓተና ኢዩ። ከምዚ ቅድም ኢለ ጠቒሰዮ ዘሎኹ ኮምሽን ዶብ ነጻን ዘይሻራዊን ስለዝኾነ ኢትዮጵያ ዝበለቶ ድዩ ወይስ ኤርትራ ዝነጸገቶ ወይ ከኣ ናይ ኢትዮጵያ ቅደመ ኩነት ድዩ ናይ ኤርትራ ጠለብ ብዘየገድስ ነቲ ዶብ ኣብ መሬት ሽኻል ጌሩ ንምፍላይ በቲ መደቡ መስረት ክኸይድ ኢዩ። ኣብዚ ክፍለጥ ዘለዎ ኮምሽን ዶብ ስርሑ ንምስላሳል ምሉእ ዘይጉዱል ናይ ሕቡራት ሃገራት ጸጥታዊ ቤት ምኽሪ ደገፍ ከምዘልዎ ኢዩ። ምናልባት ብሓዲኡ ሸነኽ ንኮምሽን ዶብ ዕንቅፋት ምስ ዝፍጠር ኮምሽን ዶብ ንሕቡራት ሃገራት ጸጥታዊ ቤት ምኽሪ ኣፍሊጡ ስርሑ ከውንዝፍ ይኽእል ኢዩ። እቲ ዝተፈጥረ ዕንቅፋት ክእለየሉ ከሎ ከኣ እንደገና ስርሑ ይቕጽል።

እምብኣር እቲ መስርሕ ናይ ኮምሽን ዶብ ንጹርን ፍሉጥን ኮይኑ ካብ ተጽዕኖ ኢትዮጵያ ይኹን ኤርትራ ዋላ'ውን ካብ ዝኾነ ካልእ ኣካል ተጽዕኖ ነጻ ምዃኑ ርእና ኣሎና። ሕጂ እቲ ዘተሓሳስብ ካብዚ መስርሕ'ዚ ፍልይ ዝበለ ኮይኑ ግን ምስኡ ዝተኣሳሰር እቲ ናይ ምሉእ ሰላም ንምምጻእ ዘሎ ትኽእሎ ምፍታሽ ዝብል ኢዩ። ምሉእ ሰላም ክመጽእ እቲ ትምንት ኣብ ቦትኡ ኣሎ። እቲ ተቓያያሪ ባህርያትን ስሱዕ ዝንባሌታት ኢትዮጵያ ምስ ናይ ኤርትራ ትርን ህልኽን ተራጺሙ ዘስዕቦ ምድንጓያትን ሓለኽልኻትን ግን ኣብ ግምት ምእታው ከድሊ ኢዩ።

እንታይ ኢዩ እቲ ተቓያያሪ ባህርያትን ስሱዕ ዝንባሌታት ኢትዮጵያ ዝተባህለ? እወ ነቲ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ሚያዝያ 2002 ነቲ ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ተቐብልናዩ ኣሎና ይርሓሰና ይርሓሰኩም ዝበልዎን ተግልብጠም ከኣ ኣብ ዓመቱ ነቲ ውሳኔ ዘይሕጋዊን ዘይፍታሕዊን

ኢዩ እሎም ዝኾነንዎን ሕጂ ከኣ ድሕሪ ዓመቱ ተግልብጠም ብመትከል ተቐብልናዮ ዝብልዎ ዘለዉን ኣብ ግምት የእትኻ ጽባሕ ንግሆ ተገልብጠም እናታይ ከምዝብሉ ስለ ዘይፍለጥ ኢዩ። እቲ ሰሱዕ ባህርያት ከኣ እቲ እንካን ሃባን ዝብልዎ ዘለዉ እንታይ ሂቦም እንታይ ክወስዱ ከምዝደልዩ ንምግማት ስለ ዝየጸግም ኢዩ። ብወገን ኤርትራ ከኣ ትርን ህልኽን ኣልፋን ኦሜጋን ስለዝኾነ ትንተና ዘድልዮ ኣይኮነን። ምናልባት ግን ሕጂ ምእንቲ መጎሳ ትሕለፍ ኣንጭዋ ተባሂሉ መታን ምሉእ ሰላም ክመጽእ ተባሂሉ ተዓጻጻፍነት ብወገን ኤርትራ እንተተራእየ ብማለት ብተስፋን ሃንቀውታን ንጽበ። እቲ ኮይኑ እቲ ግን ንሕና ኤርትራዊያን መንግስቲ ኤርትራ ዝወሰዶም ስጉምትታት ካብ ምድጋፍን ምስ መንግስትና ደው ኢልና ንኹነታት ከከም ኣመጻጽኦም ካብ ምምካትን ካልእ ምንም ኣመራጺ የብልናን። ታሪኽ ብዓል ራእሲ ወልደንኬል ከምኡ'ውን ታሪኽ ናይ ዝሕላፈ ኣርብዓታት ከይድገም ምስ መንግስትና ክንጸንዕ ይግባእ።

ብዛዕባ ሃገርን ሕዝብን ዕድል፣ ታርኻዊ ኣጋጣሚ ኮይኑ ኣብ እደም ዘእተዉ መራሕቲ ኣብ ሓንቲ ሕሞት ትኹን ኣብ ካልኣይቲ ወይ ንጽቡቕ ወይ ከኣ ንሕማቕ ኩነታት ከምርሑ ይኽእሉ እዮም። ከም ኣብነት፣ መራሒ ፍልስጠም ነበር ሓርበኛ ያሰር ዓራፋት፣ ዕድል ፍለጠማዊያን ካብ ክልተ ግዜ ንላዕሊ ንሕማቕ ኩነታት መሪሒዎ። ብፕረዝደንቲ ክሊንቶን ዝተማእከለ ዘተ ኣብ ካምፕ ደቪድ ኣብ መንጎ መራሒ እስራኤል ነበር ያሁድ ባራክን ሓርበኛ ያሰር ዓራፋትን ዕድል ፍልስጠማዊያን ብሰንኪ ዋሕዲ ልቦና ያሰር ዓራፋት ተጨናግፉ። ኣስዒቡ ብፕረዝደንቲ ዳግማዊ ቡሽ ዝተፈተነ ብሩህ ተስፋ ዝህብ ንሰላም ኣብ መንጎ ኢስራኤልን ፍልስጠማዊያንን ብሰንኪ ዋሕዲ ልቦና ያሰር ዓራፋት ተዓጽዩ። ሕጂ ንሓርበኛ ያሰር ዓራፋት ታሪኽ ኣብ ክልተ ጎድኒ ከፊሉ ክዝክሮ ኢዩ። ከም ሓርበኛ ተቓላሳይ ኣብ ንእስነቱ ንገዲሊ ፍልስጠማዊያን ካብቲ ዝይነበረ ህሉዊ ዝግበረ መራሕን ኣብ ግዜ ዕብየት ከኣ ሰላምን ቅሳነትን ፍልሰጠማዊያን ከም ዘደናጎየ ኢዩ። ካብዚ ተመክሮ'ዚ ብምብጋስ ሕጂ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን ዘድሊ መን ሰዓረ ዝብል ናይ ጎልያደን ዳውትን ባእሲ ዘይኮነስ ክልቲኡ ሕዝብታት ብኸመይ ይረብሕ ናይ እንካን ሃባን መስርሕ ከድሊ ኢዩ። ነቲ ሰሱዕ ባህርያት ኢትዮጵያ ኣብ ግምት የእትኻ ከምቲ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ውዕል ኣልጀረስ መንግስቲ ኤርትራ ከይተገርሄ ዝሰረሓሉ ሕጂ ከኣ ብተመሳሳሊ ከይዘንግዔ ክሰርሕ ይግባእ። ከም ዝፍለጥ ካብ ሕጂ ታሪኽ ክሰርሕ ተሃንጢዩ ዘሎ ሊሎይድ ኣክሲወርዚ ወንጠር ወንጠር ማለቱ ኣይክተርፎን ኢዩ። እንተኾነ እንዳ ሃለለ ዝመጸካ ኣድጊ ኣጥብካ ጸዓኖ ከም ዝብሃል ሕጂ ከኣ ነዚ እንዳሃለለ ዝመጽእ ዘሎ ሊሎይድ ኣክዚውርዚ ዝኸውን ስርሓት ተዳሊኻ ምጽናሕ ከድሊ ኢዩ። በዚ ኣጋጣሚ ኽገልጾ ዝደሊ ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ናብ ትግርኛ ተርጉመ ብመጽሓፍ መልክዕ ክትወጽእ ኣዳልየያ ከብቅዕ እንተኾነ ኣብ ኣስመራ ከይትሕተም ክፍሊ ሳንሱር ንዓና ዝምልከታና ኣይኮነን ኣይንርእየልካን እሎም ጠጠው ኣቢሎምኒ ሰለዘልዉ ናብ ልቦም ተመልሶም መታን ሕዝቢ ናይቲ ውሳኔ ትሕዝቶ ኣፍልጠ ክህልዎ መታን ኣሕትመ ከውጽኣ ክፈቀደለይ ብትሕትና እልምኖም።

ኣብ መደምደምታ ክብሃል ዝክኣል እቲ መስርሕ ምሕንጻጽ ዶብ ንኮምሽን ዶብ ዝምልከቶ ስራሕ ስለዝኾነ እዚ ሕጂ ቢኢትዮጵያ ተኣሚሙ ዘሎ ውሳኔ ስርሑ ንምጅማር ከኽእሎ ኢዩ ዝብል እምነት ኣሎኒ። ነቲ ዝርርብ ዝብሃል ዘሎ ከኣ ዝሓይሽ እምበር ዝኸፍእ ክመጽእ ከምዘይክእል ብተስፋ ኣማዕዲኻ ምእታዉ ይምረጽ።

ዝኽሪ ንስማእታትና
ተስፋሚካኤል ዮሃንስ
ኣስሎ ኖርወይ

teckle3@hotmail.cm
www.afronorway.com